# ነዊሕ ኮቪድ እንታይ እዩ?

ብዕለት 4/2023 ዝተሓደሰ

ነዊሕ ኮቪድ ድሕሪ መልከፍቲ ኮቪድ-19 ክምዕብል ዝኽእል ሕማም እዩ። ብዙሓት ዝተፈላለዩ ምልክታት ሕማም የጠቓልል፣ ኩሉ ክፍልታት ሰውነትካ ከጥቅዕ ይኽእል፣ ከምኡድማ ክብ ቀሊል ክሳዕ ከቢድ ደረጃ ክህልዎ ይኽእል። መብዛሕትኦም ብኮቪድ-19 ዝተለኽፉ ሰባት ኣብ ውሽጢ ሒደት ሳምንታት ሙሉእብሙሉእ ክሓውዩ እንከለዉ፣ ገለ ሰባት ግን ነዊሕ ኮቪድ የማዕብሉ እዮም፣ እዚ ማለት ጉድኣታት ናይ ኮቪድ ንኣዋርሕ ወይድማ ንዓመታት ክስመዖም ይኽእል።



> ፣ኣስታት 1 ካብ 12 ነበርቲ ዩታህ
> ነዊሕ ኮቪድ ኣጋጢሙዎም እዩ።

ዝኾነ ብኮቪድ-19 ተለኺፉ ዝነበረ ሰብ ነዊሕ ኮቪድ ከማዕብል ይኽእል እዩ። ገለ ሰባት ስለምንታይ ነዊሕ ኮቪድ ከም ዘማዕብሉ ኣይንፈልጥን ኢና። ነዊሕ ኮቪድ ኣብ ሂወትካ ክብድ ዝበለ ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል እዩ —ናብ ቤት-ትምህርቲ ወይድማ ናብ ስራሕ ንምኻድ፣ ወይድማ በተሰብ ክትከናኸን፣ ወይከኣ ስሩዕ ንጥፈታት ክትገብር ክትጽገም ትኽእል።

## ገለ ምልክታት ናይ ኮቪድ እንታይእንታይ እዮም?

ነዊሕ ኮቪድ ዘለዎም ሰባት ብዙሓት ዓይነታት ምልክታት ክረኣዩዎም ይኽእሉ እዮም። ገለ ካብቶም ልሙዳት ምልክታት እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም፤

- ቃንዛ ኣካላት
- ኣብ ወርሓዊ ጽግያት ለውጢታት ይፍጠር
- ሰዓል
- ጭንቀት ወይከኣ ቀዝኖት
- ውጽኣት
- ክትሓስብ ወይድማ ኣድህቦ ክትገብር ትጽገም (brain fog)
- ጠጠው ክትብሉ እንከለኹም ጽርውርው ምባል
- ድኻም
- ቅልጡፍ ህርመት ልቢ
- ረስኒ
- ምብራሕ
- ሕማም ርእሲ
- ለውጢ ጨና ወይ መቐረት
- ሕጽረት እስትንፋስ ወይ ጸገም ምስትንፋስ
- ጸገማት ድቃስ
- ሕማም ከብዲ
- ድሕሪ ኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ንጥፈታት ዝጋደዱ ምልክታት (ናይ ድሕረ-ጻዕሪ ጽልእልእ ምባል)
- ዕንፍሩር

ነዊሕ ኮቪድ ሓደ ወይ ካብሓደ ንላዕሊ ኣገደስቲ ናይ ሂወት ንጥፈታት ዝድርት እንተኾይኑ፣ ብመምርሒታት ሕጋገ ስንኩላን ኣሜሪካ (ADA) መሰረት ከም ስንክልና ተጌሩ ክውሰድ ይኽእል እዩ። ንከም Medicaid ወይድማ ናይ ስንክልና ማሕበራዊ ውሕስነት መድሕን ዝኣመሰሉ ረብሓታት ብቑዕ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።

ብኮቪድ ምስተትሓዝ እንተወሓደ ድሕሪ 3 ወርሒ እዞም ምልክታት እንተተራእዮም ምስ ዶክተርኩም ወይድማ ንኣቕራቢ ክንክን ጥዕናኹም ተዘራረቡ። ኮቪድ መድሓኒት የብሉን፣ እንተኾነ ሓኪም ነቶም ምልክታት ኣብ ምእላይ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

**ዝያዳ ፍለጥ:** https://coronavirus.utah.gov/covid19-long-haulers/